# ዝበዝሕ ግዜ ብዛዕባ ንፍዮ ዝሕተቱ ሕቶታት

## ንፍዮ እንታይ እዩ?

ንፍዮ ኣዝዩ ተላባዒ ከምኡ’ውን ከቢድ ዝኾነ ሕማማ ከልዕል ዝኽእል እዩ። ንፍዮ ብቫይረስ እዩ ዝለዓል፡ ከምኡ’ውን ሓደ ዝተለኽፈ ሰብ እንተድኣ ኣስተንፊሱ፡ ስዒሉ ወይ ሃንጢሱ ብቐሊሉ እዩ ዝመሓላለፍ። ንፍዮ ሓደ ዝተቓለዐ ከምኡ`ውን ክትባት ዘይተኸተበ (ወይ መድሃኒት ዘይወሰደ ወይ ድማ ቅድሚ ሕጂ ንፍዮ ሓሚሙ ዘይፈልጥ) ብቐሊሉ ክሓምም ይኽእል እዩ።




## ናይ ንፍዮ ምልክታት እንታይ እዮም?

- ረስኒ
- ጸረር ዝበዝሖ ኣፍንጫ
- ሰዓል
- ኮንጃክቲቫይተስ (ቀይሕ፡ ዝነብዕ ዓይኒ)
- ኣብ መላእ ኣካላት ምሕኻኽ




ሰባት ቅድሚ ምልክታት ምርኣዮም ንፍዮ ከመሓላልፉ ይኽእሉ እዮም። ምልክታት ካብ 7-10 መዓልታት እዮም ዝጸንሑ።




## ንፍዮ ከመይ ጌርና ንከላኸሎ?

ክታበት ንፍዮ፡ ጽግዕን ንፍዮ ጀርመንን (MMR) ኣዝዩ ውሑስ፡ ብቑዕን ንንፍዮ ብዝበለጸ ክከላኸለልካ ዝኽእል እዩ። ክልተ ዓቐናት ናይ MMR ክታበታት ክሳብ 97% ንፍዮ ናይ ምክልኻል ብቕዓት ኣለዎም። ሓንቲ ዓቐን ከባቢ 93% ብቕዓት ኣለዋ።

## ናይ ንፍዮ ምልባዓት ኣብ U.S.ን ወጻኢ ሃገራትን ኣሎ።

ዘይተኸትቡ ንኣሽቱ ህጻናት ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ Columbus -- ኣብ 20 ዓመታት ንመጀምርታ ግዜ ኣብ ሕብረተሰብና ዝተረጋገጸሎም ናይ ንፍዮ ልኹፋት ተመርሚሮም። ንስድራቤትካ ብናይ ንፍዮ፡ ጽግዕን ንፍዮ ጀርመንን ክታበት (MMR) ክትከላኸሎም ትኽእል ኢኻ። ዝኾነ ብዓለምለኻዊ ደረጃ ሰብ፡ ዋላ ውን ካብ 6-11 ኣዋርሕ ዘለዉ ዕሸላት ብናይ MMR ክታበት ዝተሓደሰ ሓበሬታ ክህልዎም ኣለዎ።

## ንፍዮ ከመይ ጌርና ክትሕከሞ ኣለካ?

ንንፍዮ ፈውሲ የብሉን። ኣብ ሕክምና ዘለዉ ሸየጥቲ መድሃኒት፡ ነቲ ቃንዛ ሕማም ከህድኣልካ ዝኽእል ብምሃብ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም። ካልኦት ምልክታት ዝበዝሕ ግዜ ኣብ ውሽጢ 2-3 ዘሎ ወርሒ ይጠፍኡ እዮም።

## እዚ ናይ ንፍዮ ክታበት (MMR)ንመን እዩ ዘድልዮ?

**ህጻናት** - ህጻናት ካብታ ቀዳመይቲ ዓቐን ካብ 12-15 ኣዋርሕ ከምኡ`ውን ካልኣይቲ ዓቐን ካብ 4-6 ዓመት ወይ ድማ ካብታ ቀዳመይቲ ዓቐን ዝወሰዱላ ተወሓደ ድሕሪ 28 መዓልታት ክልተ ዓቐናት ናይ MMR ክታበት ክወስዱ ኣለዎም።

**ኣብ ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርታዊ ትካላት ዘለዉ ተማሃሮ** - ኣብ ድሕረ ካልኣይ ደረጃ ትምህታዊ ትካላት ዘለዉ ተማሃሮ ናይ ካብ ሕማም ንፍዮ ናጻ ዘይኮነ መረጋገጺ ዘይብሎም ክልተ ዓቐናት ናይ MMR ክታበት፡ እታ ካልኣይቲ ክታበት ካብ ቀዳመይቲ ክታበት ካብ 28 መዓልታት ዘይቅልጥፍ ክወስዱ ኣለዎም።

**ብጹሓት ሰባት** - ኣብ ግዜ ወይ ድሕሪ 1957 ዝተወልዱ ሰባት ኣንጻር ንፍዮ ካብ ናይ ሕማም ናጻ መርትዖ ዘይብሎም ሓደ ዓቐን ናይ MMR ክታበት ክወስዱ ኣለዎም።

**ዓለምለኻውያን ተጓዓዝቲ** - ካብ 6 ወርሒ ወይ ልዕሊኡ ዝዕድሚኦም ሰባት ዓለምለኻዊ ጉዕዞ ዝጓዓዙ ኣንጻር ንፍዮ ክዕቀቡ ኣለዎም።

## ንፍዮ ንኽተሓዝ ኣብ ስግኣት ዘሎ መን እዩ?

ዝኾነ ሰብ ናይ ንፍዮ ክታበት ዘይወሰደ ወይ ድማ ቅድሚ ሕጂ ንፍዮ ሓሚሙ ዝፈልጥ ኣብ ስግኣት እዩ ዘሎ። ትሕቲ 12 ኣዋርሕ ዘለዉ ህጻናት፡ ንክኽተቡ ዕድሚኦም ስለዘየፍቅድሎም ንክሓሙ ኣብ ልዑል ስግኣት ይርከቡ።

## ንትሕቲ 12 ወርሒ ዝኾነ ህጻን ውላደይ ከመይ ጌረ ክከላኸለሉ ይኽእል?

ወለዲ ወይ ድማ ወሃብቲ ክንክን ናይ MMR ክታበት እንተድኣ ዘይሂቦም ወይ ድማ ቅድሚ ሕጂ ንፍዮ ዘይሓሚሞም ኔሮም፡ ክኽተቡ ኣለዎም። ኣብ ከባቢ ሓድሽ ዝተወልደ ህጻንካ ዘለዉ ሰባት፡ ንውላድካ ንንፍዮ ከምኡ’ውን ካልኦት ሕማማት (ትኽትኽታ) ከየመሓላልፍሉ ከተረጋግጽ ኣለካ።

## ካብ ኣባላት ስድራቤተይ ንፍዮ እንተድኣ ሓሚሙ ወይ ንሓደ ንፍዮ ዝሓመመ እንተድኣ ተቓሊዑ?

ንሓኪምካ፡ ነርስካ ወይ ድማ ንክሊኒክ ብቅልጡፍ ደውል። ቅድሚ ናብ ቤት ጽሕፈት ወሃብቲ ክንክን ምኻድካ፡ ንስኻ ወይ ድማ ኣባል ስድራቤትካ ንፍዮ ሓሚሙ ክህሉ ከምዝኽእል ደዊልካ ሓብሮም። ክሳዕ ተወሓደ ድሕሪ ኣርባዕተ መዓልቲ እቲ ሳሓ ድሕሪ ምጅማሩ ወይ ድማ ንፍዮ ከምዘይብልካ ተመርሚርካ ክሳዕ ተረጋግጽ ካብ ካልኦት ሰባት ርሓቕ።

## ዝጠነሳ ሰባት ናይ ንፍዮ ክታበት (MMR) ክወሃባ'ዶ ኣለወን?

ዝጠነሳ ሰባት ናይ MMR ክታበት ክወስዳ የብለንን። እቲ ክታበት ዘድልየን ነፍሰጾራት ሰባት፡ ክሳዕ ዝሓርሳ ክጽበያ ኣለወን። ደቂ-ኣንስትዮ ናይ MMR ክታበት ድሕሪ ምውሳደን ንኣርባዕተ ሰሙናት ካብ ጥንሲ ክሕረማ ኣለወን።

## ናይ ንፍዮ ክታበት ውሑስ ድዩ?

መጽናዕቲ ከምዝሕብሮ ናይ ንፍዮ ክታበት (MMR) ውሑስን ኣዝዩ ብቑዕን ከምዝኾነ እዩ ዘርኢ። እቲ ክታበት ካብ ክከላኸሎም ዝኽእል ሕማም ምሕማም ምኽታብ ብዝያዳ ውሕስነት ኣለዎ።

## ካብቲ ክታበት ክመጽእ ዝኽእል ጐድናዊ ሳዕቤናት ኣሎ ድዩ?

ከም ዝኾነ ካልእ ፈውሲ፡ ናይ ንፍዮ ክታበት (MMR) ዝበዝሑ ማእከላይ ሃስያ ዝለዎም ጐድናዊ ሳዕቤናት ከስዕብ ይክእል፡ ካብኦም ንምጥቃስ፥

- ኣብ ዝተወጋእካሉ ቦታ ቃንዛ ይስምዓካ
- ረስኒ
- ማእከላይ ማሕኸኸቲ
- ዝሓበጠ ጽኪ ኣብ ምዕጒርቲ ወይ ክሳድ

## ናይ MMR ክታበት ሕማም ኦቲዝም የስዕብ ድዩ?

ክታበት ኦቲዝም ኣየስዕብን እዩ። ከም ሓቂ፡ መጽናዕትታት ከምዝሕብርዎ ክታበት ኣብ ምቕባልን ኦቲዝም ኣብ ምምዕባልን ዝኾነ ዘተሓሕዝ ነገር ከምዘይብሉ እዮም ዝገልጹ። ተመራመርቲ ነቲ ናይ MMR ዝውጋእ ብጥንቃቐ ኣጽኒዖምዎ እዮም ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ኦቲዝምን ምውጋእቲ MMR ዝኾነ ዘተሓሕዝ ነገር ዝረኸበ መጽናዕቲ የለን።

## መበራትዒ ክታበት ክወሃብ የድልየኒ ድዩ?

ክልተ ዓቐናት ናይ MMR ክታበት እንተድኣ ወሲድካ፡ መበራትዒ ምውሳድ ኣየድልየካን እዩ። ከም ዝተኸተብካ እንተድኣ ዘየረጋገጽካ፡ ምስ ወሃቢ ክንክን ጥዕናኻ ተዘራረብ።

## ናይ ንፍዮ ክታበት ኣበይ ክረኽቦ ይኽእል?

**ወሃቢ ክንክን ጥዕናኻ**

**Columbus Public Health**
(614) 645-8180

**Franklin County Public Health**
(614) 525-3719

**Heart of Ohio Family Health Centers**
(614) 235-5555

**Lower Lights Christian Health Center**
(614) 274-1455

**Lutheran Social Services** (Faith Mission Health Center)
(614) 224-6617

**Nationwide Children's Hospital Primary Care Centers**
(614) 722-6200

**PrimaryOne Health Centers**
(614) 645-5500

**Southeast Healthcare Services**
(614) 225-0990

**መሸጢ ፋርማሲ ወይ ድማ ዘተኣማምን ክንክን ክሊኒክ**
(e.g. Walmart፡ CVS፡ ወዘተ )

## ብዛዕባ ንፍዮ ኣበይ ዝያዳ ሓበሬታ ክረክብ ይኽእል?

**Columbus Public Health**
columbus.gov/measles

**Franklin County Public Health**
myfcph.org/measles

**Ohio Department of Health**
odh.ohio.gov/know-our-programs/Vaccine-Preventable-Diseases/resources/Measles

**Centers for Disease Control and Prevention**
cdc.gov/measles

11/2022 ዝተሓደሰ